# SEATTLE PUBLIC SCHOOLS—NOTIFICATION OF RIGHTS UNDER THE PROTECTION OF PUPIL RIGHTS AMENDMENT (PPRA)

## ናይ ሲያትል ኣብያተ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ናይ ተመሃሮ መሰል ብዝምልከት ዝወጸ ናይ መመሓየሺ ሕጊ መሰረት ብዛዕባ ተመሃሮ ዘለዎም መሰል ፤

ናይ ተመሃሮ መሰል ንምሕላው ብዝወጸ ናይ መመሓየሺ ሕጊ መሰረት ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ዘዳልዎም መጽናዕቲታት፣ ንዕዳጋ ምእንቲ ክጠቅም ዝእከቦን ዝጥቀሙሎምን ሓበሬታታት፤ ከምኡውን ዝተወሰነ ናይ ኣካል መርመራታት ብዝምልከት ወለዲን ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ(ብቑዓት ተመሃሮ) ተመሃሮ መሰላት ኣለዎም። እዞም መሰላት ድማ ካብዚ ዝስዕቡ እዮም፤

• ተመሃሮ ንሓደ ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ቀጺሎም ንዝተረቑሑ ሓለዋ ዘድልዮም ሓበሬታታት (ሓለዋ ዘድልዮም ናይ ሓበሬታ መጽናዕቲ መሕተቲታት) ብምልኣት ኮነ ክፋሉ ብናይ ዩናይትድ ስቴትስ ናይ ትምህርቲ ሚኒስቴር ዝተዳለዉ ፕሮግራማት ኣቢሉ ዝክፈል እንተድኣኮይኑ ፡ ነቲ መጽናዕቲ ኣብ ዝግበር መሕተቲ ቅድሚ ምስታፎም ናይ ምስምማዕ ፈቓድ ክርእዩ ኣለዎም። እዚኣቶም ድማ ፤

1. ናይ ተማሃራይ ወይ ወላዲ ናይ ፖለቲካ ኣባልነት ወይ ድማ እምነት ፤
2. ናይ ተመሃራይ ወይ ድማ ናይ ቤተሰብ ናይ ኣእምሮ ወይ ድማ ናይ ስነ-ኣእምሮ ጸገማት፤
3. ናይ ጾታ ባህርይ ወይ ድማ ኣረኣእያ ፤
4. ሕጋዊ ዘይኮነ፣ ኣንጻር ማሕበራዊ፣ ጌጋኻ ምእማን ወይ ድማ ናይ ምንእኣስ ጠባይ ፤
5. ምስቶም ተሓተትቲ ናይ ቀረባ ርክብ ዘለዎም ቤተሰብ ዝነቕፍ ግምገማ፤
6. ብሕጊ ተፈላጥነት ምስ ዘለዎም መሰላዊ ርክብ፤ ንኣብነት ናይ ሕጊ ኣማኸርቲ፣ዶክተራት ወይ ድማ መንፈሳዊ መራሕቲ ፤
7. ናይቲ/ታ ተመሃራይ ወይ ወላዲ ዝስዕቦ ሃይማኖት፣ኣባልነት ወይ እምነት፤
8. ንሓደ ሓደ ፕሮግራማት ብቑዕ ምኳኖም ንምፍላጥ እቲ ሕጊ ካብቲ ዝፈቕዶ ወጻኢ ብዛዕባ ኣታዊኦም ዝምልከት፤

•ካብዚ ቀጺሎም ተጠቒሶም ንዘለው ብዝምልከት እቲ ተመሃራይ ኣቐዲሙ/ማ መፈለጥታ ኪረክብ/ክትረክብ ወይ ድማ ንዘይምክፋል ዘለዎም ናይ መሰል ዕድል ኪፈልጡ ምግባር፤

1. ዝኾነ ካልእ ምስጢራዊነቱ ዝተሓለወ ናይ ሓበሬታ መሕተት፤ እቲ ገንዘብ ከፋሊኡ መን ምኳኑ ብዘየገድስ ፤
2. ዝኾነ ሕጹጽ ዘይኮነ፣ ኣገባብ ዘይብሉ ናይ ኣካል መርመራ ወይ ድማ ብዛዕባ ክሳተፉ ከምዝኽእሉ ንምፍላጥ በቲ ትምህርት ቤት ወይ ድማ ንቤት ትምህርቲ ዝውክሉን ናይቲ ተመሃራይ ጥዕናን ሃለዋን ንምንክብካብ ዝግበሩ እንተዘይኮይኖም፤ እዚኦም ድማ ናይ ምስማዕ፣ናይ ምርኣይ ወይ ድማ ናይ ኣብ ሕቖ ዝርከብ ዓጽሚ ምርመራ ወይ ድማ ዝኾነ ናይ ኣካል መርመራ ወይ ድማ ንምጽራይ ብናይ መንግስቲ ሕጊ እንተዘይተፈቒዱን ኣድላይ እንተዘይኮይኑን ጥራይ ፤
3. ንዕዳጋ ንምፍላጥ ወይ ድማ ንምሻጥ ወይ ድማ ሓበሬታ ንኻልኦት ንምዝርጋሕ ካብ ተመሃሮ ናይ ግሊ ሓበሬታ ምእካብ፣ ግሉጽ ንምግባር ወይ ድማ ንምጥቃም ዝግበር ንጥፈታት ፤

•ኣብ ዝሐተተሉ እዋን ወይ ድማ ቅድሚ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉ ምቁጽጻር ፤

1. ዝተሓለው ናይ ተመሃሮ ናይ ሓበሬታ መሕተቲታት ፤
2. ኣብ ላዕሊ ካብ ተረቑሑ ንዕዳጋ ንምፍላጥ፣ ንምሻጥ ወይ ድማ ንምስርጫው ካብ ተመሃሮ ናይ ግሊ ሓበሬታ ንምእካብ ዝጥቀሙሎም መሳርሕታት፤
3. ኣብ ናይ ትምህርቲ ካሪኩለም ዝጥቀሙሉ ናይ ትምህርቲ ማቴሪያላት ፤

ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ብዛዕባ እዞም መሰላት ብዝምልከት ምስ ወለዲ ብምምኽኻር ፖሊሲታት ኣብ ምሕንጻጽ ይርከብ። ከምኡውን ናይ ተመሃሮ ናይ ብሕቲ ምስጢራዊ ሓበሬታታት ዝሓዙ መሕተቲታትን ናይ ሓበሬታ ኣተኣኻኽባ፣ ግሉጽ ምእንቲ ኪኸውን ምግባር ወይ ድማ ሓበሬታ ንዕዳጋ፣ ንምሻጥ ወይ ድማ ምስርጫው ብዝምልከት ኣሰራርሓታት ኣብ ምርኣይ ይርከብ።

ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ብዛዕባ እዞም ፖሊሲታት ብዝምልከት እንተወሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ወይ ድማ ኣገዳሲ ለውጥታት ኣብ ዝግበረሉ እዋናት ብቀጥታ ንወለዲ ይሕብር። ከምኡ ድማ ኣብ ዝተወሰኑ ተግባራት ወይ ድማ መሕተቲታት ዝሳተፉ ተመሃሮ ወለዲ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ኪፈልጥዎ ከምኡውን ኣብቲ መሕተቲታት ውላዶም ከምዘይሳትፉ ንምግባር ዘለዎም ናይ መሰል ዕድል ምእንቲ ኪፈልጥዎ ብፖስታ ወይ ድማ ብኢመይል ብቀጥታ የፍልጥ እዩ። ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ እቲ ዝግበር ተግባራት ወይ ድማ ናይ ግምገማ መሕተት ዝግበረሉ ፍሉጥ ወይ ድማ ግምታዊ መዓልቲ ኣብቲ እዋን ምኻኑ እንተድኣ ፈሊጡ ነዚ ጉዳይ ኣብ ትምህርቲ ክጅመር ከሎ ኪፈልጥዎ ኪገብር እዩ። እቲ ናይ ትምህርቲ እዋን ምስተጀመረ ብዛዕባ ዘጋጥሙ ተግባራት ወይ ድማ መሕተቲታት ወለዲ ኣግባብ ብዝኾነ መገዲ ኪፈልጥዎ ኪግበር እዩ። ከምኡውን ውላዶም ኪሳተፉ ወይ ድማ ከይሳተፉ ንምግባር ብዛዕባ ዘለዎም ናይ መሰል ዕድል ኪወሃቦም እዩ። ወለዲ ድማ ነቶም ዝቐረቡ መሕተትታት ኣቐዲሞም ኪርእይዎም ዕድል ኪወሃቦም እዩ።

*መሰለይ ኣይተሓለወን ኢሎም ዝተሰምዖም ወለዲ ካብዚ ቀጺሉ ተጻሒፉ ናብ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ክጠርዑ ይኽእሉ እዮም ፤*
Family Policy Compliance Office
U.S. Department of Education
400 Maryland Avenue, SW
Washington, D.C. 20202

እዚ ቅጥዒ ንሓበሬታ ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ። ነዚ ቅጥዒ ናብ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ምምላስ ኣየድልየኩምን እዩ።